

ሓዳስ ኤርትራ

መበል 32 ዓመት ቁ.110 ዓርቢ 6 ጥሪ 2023 ገጻት 8 ዋጋ 2.00 ናቕፋ

ገጽ 2
ነድሪ ኣፍንጫ




ገጽ 3
ዛንታ ማእከላይ ምብራቕ



ገጽ 4
ምልክታት ናይ ዘፍቀረ ወዲ



ገጽ 5

ዕላል ኣውደ-ኣመት

ገጽ 7
ብሊንድ፡ ናብ ባየር ሙኒክ ተጸምቢሩ




# ጊንዳዕ - ተሳትፎ ህዝቢ ኣብ መደባት ልምዓት ተመጕሱ






ኣብ ንኡስ ዞባ ጊንዳዕ ማይን ሓመድን ብምዕቃብ እቶታውነት ሕርሻ ንምድንፋዕ ኣብ ዝሰላሰል ዘሎ ንጥፈታት - ህዝቢ ብዘንኣድ ተሳትፎ ይቕጽል ከም ዘሎ ተገሊጹ።

ብ31 ታሕሳስ ኣብ ዝተኻየደ - ኣመሓደርቲ ከባቢ፡ ኣባላት ባይቶን ጨናፍር ሚኒስትሪታትን ዝተሳተፍዎ ርክብ፡ ኣመሓዳሪት ንኡስ ዞባ ኣቶ ዑመር ያሕያ - ኣብ 2022 ኣብ 17 ምምሕዳራት ከባቢ ልዕሊ 24 ሽሕ ህዝቢ ዝተሳተፎ ሰፊሕ ናይ ቅናታዊ ዛላ ከትሪን መእለዪ ውሕጅን ስራሓት ከም እተሰላሰለ፣ ልዕሊ 36 ሽሕ ፈልሲታት ኣግራብ ከም እተተኸለ፣ ከምኡ'ውን ካብ ሐጺት ክሳብ ዓድንቡብ ናይ ዝዘርጋሕ ፕሮጀክት ማይ ስራሓት - 80 ሚእታዊት ከም እተዓመ ኣብሪሁ።

ኣቶ ዑመር፡ ምዕሩይ ተበጻሕነት ኣገልግሎት ጥዕና ከምዘሎ፣ ከቢያዊ ጽሬት ንምውሓስ ብዝግበር ዘሎ ወህድ ጻዕሪ ድማ፡ ተጠቃምነት ዓይኒ-ምድሪ 90 ሚእታዊት ከምዝበጽሐ ኣረዲኡ።

ብዘይካ'ዚ፡ ን926 ስድራ-ሰወኣት ልዕሊ 2.6 ሚልዮን ናቕፋ ደበስ ከም እተኸፍለ፣ ሰራሕተኛታት መንግስቲ ብዝዋጽእዎ 312 ሽሕ ናቕፋ 56 ጽጉማት ስድራ-ሰወኣት ከም እተጣየሳ፣ ንሽዱሽተ ስድራ-ሰወኣት ደሞዝ ዓይነታዊ ደገፍ ከም እተገረ ተሓቢሩ።

ኣብ መወዳእታ፡ መስመር ማይ ሐጺት-ፎሮብያ ክዝርጋሕ፣ ኣብ ቤት-ትምህርቲ ካልኣይ ደረጃ ጋሕቴላይ ተወሰኽ መማሃሪ ክፍልታት ክስራሕ፣ መስመራት ማይ ደንጎሎ ሳዕሲየን መትከል ኣቤትን ክስራሕን ሜዳ ስፖርት ከተማ ጊንዳዕ ክመሓየሽን ካብ'ቶም ኣብ'ዚ ዓመት እዚ ዝትግበሩ መደባት ምዃኖም ተገሊጹ።

ተሳተፍቲ ናይ ጉሓፍ ኣጋንእ በዝበብኡ ክዳሎ፣ ኣብ ክፍሊት ኣገልግሎት ኢለክትሪክ ዝርኣ ምድንጓያት ክእረም፣ ብትሕቲ ዕድመ ቁልዑ ዝንቀሳቐሳ ሰለስተ እግረን ብሽከሊታ ዕቱብ ምቅጽጻር ክግበረለን. . . ዝብሉን ካልኦትን ርእይቶታት ኣቕሪቦም።

# ዓሰብ - ኩባንያ ፍርያት ባሕሪ 43 ሰራሕተኛታት ኣሰልጢኑ

ኩባንያ ፍርያት ባሕሪ ኤርትራ፡ ኣብ ዓሰብ ካብ ዝጥፋ ዝተፈላለያ ትካላት ንዝተዋጽኡ 43 ሰራሕተኛታት፡ ናይ ክልተ ወርሒ ትምህርቲ ጽገና መዛሓሓሊታት - ማለት ኣየርኮንዲሽነርን ፈሪጅን ሂቡ።

ብ30 ታሕሳስ ኣብ ዝተኻየደ ስነስርዓት ምምራቕ፡ ሓላፊ ኩባንያ ፍርያት ባሕሪ ኤርትራ ኣብ ዓሰብ - ኣቶ ኻሊድ መሓመድ፡ ዕላማ'ቲ ስልጠና፡ ቴክኒሻናትን ተሓጋገዝቲ ቴክኒሻናትን ብምፍራይ፡ ኣብ ትካላት ዘጋጥም ጸገማት ንምቕላል ምዃኑ ገሊጹ።

እቲ ብዮዝበሪ ዝተሰለ ትምህርቲ፡ ሌላ ምስ ከቢያዊ ኣየርን ጋዘ፣ ኣብ ኣየርኮንደሽነርን ፈሪጅን ዘሎ መካኒካውን ኢሌክትሪካውን ክፋላት፣ ሓፈሻዊ ኣበራትን ኣጸጋግናኦምን፣ ኣተኻኽላ ናውቲ ጸሓያዊ ጸዓት. . . ጠቓለለ እዩ።

ሰልጠንቲ ቀሲ.ሞምዎ ዘለዉ ሞያ ብምምዕባል፡ ኣብ ኑብሮምን ትካላቶምን ዘጋጥም ጸገማት ብቐሊሉ ክፈትሑ ትጽቢት ከም ዝግበረሎም ኣቶ ኻሊድ ኣዘኻኺሩ።

# ኩባንያ ሰምበል፡ ኣበርክቶኡ ኣብ ፕሮጀክትታት ልምዓት ንምዕዛዝ ይሰርሕ

ኩባንያ/ትካል ስርሓት ሓጺንን ዕንጸይትን ሰምበል፡ ኣብ ኣገልግሎት ሃገራዊ ፕሮጀክትታት ልምዓት ዝውዕል - ብመጠንን ዓይነትን ብቑዕ ናውቲ ንምቕራብ ዝዑበሮ ኣበርክቶ ንምዕዛዝ ይሰርሕ ከምዘሎ ገሊጹ።

ኣካያዲ ስራሕ'ቲ ኩባንያ ኣቶ ሚካኤል ጉብረመስቀል፡ ንትካላት ትምህርትን ጥዕናን ዘገልግል ናውቲ፡ ሃንገራት፡ ከምኡ'ውን ከም ናይ ኣድ ዓረብያ፡ ኣፍራዛ ባዴላን ካልእን ዘኣመሰለ ናውቲ ማእቶት ከምዝሰርሕ ሓቢሩ።

ሞያዊ ዓቕሚ ኣባላቱ፡ ንምምዕባል፡ ምስ ኩባንያታት ወሽጢ ሃገርን ወጻኢን ብዝዑበሮ ናይ ስራሕ ምትእስሳር፡ ኣብ ምዕባለ ቴክኒካውን ምምሕዳራውን ዓቕሚ ሰራሕተኛታት ዝቖነዐ ስልጠናታት እውን ከም ዝውድብ ኣረዲኡ።

ትካል ስርሓት ሓጺንን ዕንጸይትን ሰምበል - ማእከል ምስጋገር ሞያዊ ትምህርትን ፍልጠትን ምዃኑ ዝጠቐሰ ኣቶ ሚካኤል፡ ብመንገዲ ሚኒስትሪ ዕዮን ማሕበራዊ ድሕንነትን ዝመጽኡ - ማሕበረ-ቁጠባዊ ጸገማት ዘለዎም ዜጋታት፡ ንቐጻሊ ንብዛ ህይወቶም ዝሕግዞም ሞያታት ከም ዘቕስም እውን ሓቢሩ።






# ተሰነይ - ዕዉት መደባት ልምዓት ከም እተተግበረ ተገሊጹ

ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ተሰነይ ኣቶ ሰዩም ጉብረእየሱስ፡ ኣብ'ቲ ንኡስ ዞባ - ኣብ 2022 ብህዝብን ኣካላት መንግስትን ግንባርን ዝተሰላሰለ ዕዉት ልምዓታዊ ንጥፈታት፡ ኣብ'ዚ ዓመት እዚ እውን ብዝለዓለ ክቕጽል ምዃኑ ገሊጹ።

ብ28 ታሕሳስ ኣብ ዝተኻየደ ኣኼባ - ኣቶ ሰዩም፡ መደባት ጥሙር መኸተ ብኣድማዕነት ንምትግባር፡ ሕብረተሰብ ብሓፈሻ መንእሰያት ድማ ብፍላይ፡ ከሉ-መዳያዊ ንቕሓቶም ኣብሪኾም ኣበርክቶኦም ከዕዝዙ ኣዘኻኺሩ።

ኣብ'ቲ፡ ምምሕዳራዊ ንጥፈታት፡ ጉዳይ ማሕበራዊ ኣገልግሎታትን ስድራ-ሰወኣትን ጽጉማትን ከምኡ'ውን ፖለቲካዊ ንጥፈታት ዝተዳህሰሰ ኣኼባ፡ ሰለስተ ናይ መባእታ ኣብያተ-ትምህርቲ ከም እተኸፍታ፣ ወፍሪ ክታበት መንሸሮ ክሳድ-ማህጸን ዕዉት ምንባሩ፡ ኢታዊታት ግን ብ7 ሚእታዊት ምንካዩ ተሓቢሩ።

ሰፊሕ ንጥፈታት ምዕቃብ ማይን ሓመድን ከምእተሰላሰለ፣ ምስኑን ፍርያት ኣሕምልትን ፍረታትን ከምእተሓፍሰ፡ ኣገልግሎት ሕክምና እንስሳ ወጽኢታዊ ምንባሩ ተገሊጹ።

ኣብ መወዳእታ፡ ኣብ ማሕበራዊ ኣገልግሎት ዝርኣ ሕጽረታት ፍታሕ ክናደየሉ፣ ኣብ እዋን ማሕረስ ትራክተራት ቀልጢፈን ክመጽኣ፣ ኣብ መጓዓዝያታት ራህያታት ክስራሓ፣ ምጅራፍን ነቕሊን ብትራክተራት ክድፋኣሉ. . . ዝብልን ካልእን ርእይቶታት ቀሪቡ።

# ተመሃሮ ኮሌጅ ዓዲ-ቐይሕ ሞያዊ ትምህርቲ ተዋሂብዎም

ሃገራውተኤ ዞባ ሳዋን ላዕለዋይ ትካላት ትምህርትን ኣብ ዝወደቦ ስልጠና ዝተሳተፉ 219 ተመሃሮ ኮሌጅ ንግድን ማሕበራዊ ስነፍልጠትን ዓዲ-ቐይሕ፡ ብ29 ታሕሳስ ተመሪቖም።

እቲ ጕድኒ-ጕድኒ ኣካዳሚያዊ ትምህርቶም ዝተዋህበ ስልጠና፡ ጽገና ኮምፕዩተር፡ ኣርትዖት ቪድዮ፡ ግራፊክስን ካልእ ዓውድታት ቴክኖሎጂ ኮምፕዩተርን ዘጠቓለለ እዩ።

ኣብ'ቲ ናይ ምምራቕ ስነስርዓት፡ ሓላፊት ሃገራውተኤ ዞባ ሳዋን ላዕለዎት ትካላት ትምህርትን ወ/ሮ መንስራ እስማዒል፡ ንኣጋዕዝኦት ኣብ ኮሌጃት ዝውደብ ስልጠናታትን ባህላውን ስፖርታውን ንጥፈታትን ድሕሪ ምጥቃስ፡ ሰልጠንቲ - ብዘቕሰምዎ ሞያታት ኣብ'ቲ ኮሌጅ ኣብ ዝጣጠፍ መደባት ኣበርክቶ ክገብሩ ኣዘኻኺራ።

ዲን ኮሌጅ ንግድን ማሕበራዊ ስነ-ፍልጠትን ዶ/ር እስቲፋኖስ ሃይለማርያም ድማ፡ ልዑል ንቕሓትን ብቑዕ ፍልጠትን ዝዓጠቐ መንእሰይ፡ ኣብ ኩሉ መዳያት ተዓዋቲ ምዃኑ ብምዝኽኻር፡ ነቲ በብግዚኡ ዝውደብ ስልጠናታት ብግቡእ ክረብሓሉ ከምዝዮግባእ ኣገንዚቡ።




ሱሌማን ኣሕመድ

# ነድሪ ኣፍንጫ - allergic rhinitis

'ኣለርጀን' (allergen) ቁጥዐ/ነድሪ ዘፈጥር ኣብ ከባቢና ዝርከብ ፍሉይ ወህደት እዩ። ነድሪ ኣፍንጫ (allergic rhinitis) ድማ፡ ብሓደ ዝተፈልየ 'ኣለርጀን' ዝፍጠር ግብረ መልሲ እዩ። ብተለምዶ 'ሓሰኻ' ኢልና እንጽውዖ ኣብ ኣፍንጫን ዘኸስት ጥዕናዊ ጸገም ማለት እዩ።

ጸገ ናይ ዕንባባ (pollen)፡ ኣብ ወሰኑን ወቕቲ ዝርአ ኣገዳሲ ልሙድ 'ኣለርጀን' እዩ። ብዙሕ ግዜ ኣብ ምቅይያር ወቕቲ ጊዜ ዝርአ ነድሪ ናይ ኣፍንጫ፡ ጠንቁ ናይ ዕንባባ ጸገ ክኸውን ከም ዝኽእል እዩ ዝግለጽ።

ካብ 10 ክሳብ 30 ሚእታዊት ህዝቢ ዓለም፡ ነድሪ ናይ ኣፍንጫ ዘለዎ ምዃኑ ጸብጻብ ውድብ ጥዕና ዓለም የመልክት።

## ምልክታት ነድሪ ኣፍንጫ

እዞም ልሙዳት ምልክታት ነድሪ ኣፍንጫ፦

* ተደጋጋሚ ምህንጣስ፡
* ጸረርታ ናይ ኣፍንጫ፡
* ምዕባስ/ምዕፍናቕ ኣፍንጫ፡
* ሳሓ ናይ ኣፍንጫ፡
* ተደጋጋሚ ምስዓል፡
* ምሕርሓር ኣብ ጎሮሮ፡
* ሳሓ ናይ ዓይኒ፡
* ተደጋጋሚ ምንባዕ፡
* ጽልምትምት ምባል፡
* ተደጋጋሚ ሕማም ርእሲ፡
* ምንቃጽ ቈርበት ሰብነትን ሰሓን፡
* ምስልካይ (ድኻም) ወዘተ እዮም።

ሓደ ሰብ ን'ኣለርጀን' ምስ ዝቃላዕ ሓደ ወይ ካብኡ ንላዕሊ ካብ'ዞም ዝተጠቕሱ ምልክታት ብቐጽበት ክርኢ እዩ ዝጅምር። ገለ ካብዞም ምልክታት - ከም ተደጋጋሚ ሕማም ርእስን ድኻምን - ነቲ 'ኣለርጀን' ንዝዊሕ እዋን ምስ እንቃልዖ እዮም ኪጋጥሙ ዝኽእሉ።

ገለ ሰባት ኣለዉ ዋላ'ኳ ናብ'ዞም 'ኣለርጀን' እንተተቓልዑ ዘርእዩዎ ምልክታት ውሑድን ፈኲስን እዩ። ገለ ሰባት ድማ ብቐሊሉ በዞም 'ኣለርጀን' ተኣፈፍቲ ይኾኑ። ተርእዮ ናይ'ቶም ምልክታት ንሰሙናት ዝቐጸለ ምስ ዝኸውን፡ ተኣፋፊ ናይ ነድሪ ኣፍንጫ ክትከውን ስለ እትኽእል ናብ ሕክምና ብምኻድ ግቡእ ሕክምና ክትገብር ዝበለጸ እዩ።

### ጠንቅታት ነድሪ ኣፍንጫ እንታይ እዮም?

ኣካላትና፡ ናብ 'ኣለርጀን' ምስ ዝቃላዑ፡ ሰብነትና በቲ ሳብስታንስ ከይጥቃዕ ንምክልኻል ዝሕግዞ 'ሂስታሚን' (histamine) ዝተባህለ ኬሚካል ይፍኑ እዩ። እዚ ተፈጥሮኣዊ ኬሚካል'ዚ፡ ነድሪ ናይ ኣፍንጫ ከምኡ'ውን ጸረርታ፡ ምህንጣስን ካልእ ዝኣመሰሉን ምልክታት ክስዕብ ይኽእል።

### ካብ ጸገ ናይ ዕንባባ ወጻኢ ነድሪ ኣፍንጫ ከስዕብ ዝኽእል ካልእ 'ኣለርጀን'፦

* ልሙዕ ሳዕሪ፡
* ደርና/ቦኾኽታ (ብዓይኒ ዘይረኣዩ'ውን ክኾኑ ይኽእሉ)፡
* ጸምሪ ናይ እንስሳታት፡
* ምራቕ ናይ ድሙ፡
* ሰበባ ወዘተ እዮም።

### ዓይነታት ነድሪ ኣፍንጫ

እዞም ክልተ ዓይነታት ናይ ኣፍንጫ ነድሪ፡ ወቕታውያንን ዘየቋርጹን እዮም። ወቕታዊ ነድሪ ኣፍንጫ፡ ኣብ ግዜ ጽድያን ኣብ ምቅይያር ወቕትን ብፍላይ ይርኣ። ዘየቋርጽ (ወርትግ) ዝርአ ነድሪ ኣፍንጫ፡ ወቕቲ ዘይሕሉ - ዓመት መመላእታ ዘኸስት እዩ። እዚ ዓይነት ነድሪ ኣፍንጫ፡ ንደርናን ጸምሪ ናይ እንስሳታትን ኣብ እትቃልዓሉ እዋን ሻቡ ዘኸስት እዩ።

### ንነድሪ ኣፍንጫ ተኣፈፍቲ ዝኾኑ ሰባት መን እዮም?

ቁጥዐ/ነድሪ ንዝኾነ ሰብ ከጥቕዕ ይኽእል እዩ። ብነድሪ ተጠቒዕካ ምህላውካ ግን፡ ነድሪ ናይ ኣፍንጫ ኣለካ ማለት ኣይኮነን። ካብ ስድራቤትካ ብነድሪ ናይ ኣፍንጫ፡ ኣዝማ ወይ ቁጥዐ ናይ ቆርበት ዝተጠቕዐ ምስ ዝህልዉ፡ በቲ ሕማም ክትጥቃዕ ዘለካ ተኽእሎ ዝለዓለ ምዃኑ ግን፡ ሕክምናዊ መጽናዕትታት የረጋግጹ።

### ንነድሪ ናይ ኣፍንጫ ዘጋድዱ ደገኣዊ ልምድታት፦

=> ምትካኽ ሽጋራ፡ ወይ ሽጋራ ምስ ዘትክኹ ሰባት ጥቡቕ ምቅርራብ እንተደኣ ኣሎካ፡

=> ኣብ ስነቀመማዊ (chemical) ንጥፈታት ዝተዋፈሩ ሰባት፡

=> ዝሑል ኩነታት ኣየር፡

=> ረሃጽ (humidity)፡

=> ንፋስ፡

=> ብከለ ኣየር፡

=> መንጸጊ ጸጉሪ (hairspray)

=> ጨና፡

=> ትኪ ናይ ዕንጨይቲ ወዘተ።

### ነድሪ ኣፍንጫ ብኸመይ ይልለ?

እቲ ቁጥዐ ብዙሕ ዘይተጋህደ እንተኾይኑ፡ ኣካላዊ መርመራታት ብምኽያድ ክልለ ይኽእል እዩ። ሓደ ካብ'ቲ ሓካይም ነድሪ ናይ ኣፍንጫ ንኸለልዩ ዝጥቀምሉ ኣገባብ መርመራ ቈርበትና እዩ። እቲ ሓኪም፡ ኣብ ቈርበትና ዝኾነ ሳብስታንስ ብምቕማጥ ሰብነትና ዘርእዮ ግብረ-መልሲ ይዕዘብ። ንቑጥዐ ተኣፈፍቲ ዝኾኑ ሰባት፡ ኣብ ከም'ዚ ኩነታት ኣብ ቈርበቶም ንኣሽቱ ቀያሕቲ ነጥብታት እዮም ዘርእዩ።

ነድሪ ኣፍንጫ ንምልላይ ናይ ደም መርመራ'ውን ይሕግዝ እዩ።

### ፍወሳ ነድሪ ኣፍንጫ


ነድሪ ኣፍንጫ ብዝተፈላለዩ ኣገባባት ክትፍወሶ ይከኣል እዩ - ዘቤታዊ ከምኡ'ውን ሕክምናዊ ፍወሳ ክኸውን ይኽእል። ዝኾነ ፍወሳ ቅድሚ ምፍታንካ ግና ንሓኪም ክትውከስ ይግባእ።

### መድሃኒት

'ኣንቲሂስታሚንስ' (antihistamines) - ነድሪ ናይ ኣፍንጫ ንምፍዋስ ዝሕግዝ መድሃኒት እዩ። ኣካላትና 'ሂስታሚን' ዝተባህለ ኬሚካል ንኸየንዝሕ ይገብር። ዝተፈላለዩ ዓይነት 'ኣንቲሂስታሚንስ' መድሃኒታት ኣለው። ብክኢላታት ሕክምና ጥራሕ እዩ ከኣ ክእዘዘልካ ዘለዎ።

### ነጥብታት ናይ ዓይንን ኣፍንጫን

ኣብ ኣፍንጫን ዓይንን ዝግበር ነጥብታት (drop)፡ ከም ሳሓን ጸረርታን ዝኣመሰሉ ተደጋጋሚ ምልክታት ናይ እፍሪት (ቁጥዐ) ንሓጺር እዋን ደው ከም ዝብል ይገብሩ እዮም። ይኹን'ምበር፡ እዚ ዓይነት ፍወሳ እውን ብሓኪም ዝተደገፈ ምስ ዘይከውን፡ ጉድኣዊ ሳዕቤን ክህልዎ ከም ዝኽእል ኣይትዘንግዑ።




### ዘቤታዊ ፍወሳ

ነድሪ ኣፍንጫ ንምእላይ፡ ኣብ ገዛ እትገብሮ ፍወሳ ከም ዓይነት ናይቲ 'ኣለርጀን' ይፈላለ እዩ። እቲ 'ኣለርጀን' ወቕታዊ ብጸገ ናይ ዕንባባ ዝሰዓበ ምስ ዝኸውን፡ ኣየር ናይቲ ዘለኻሉ ክፍሊ ንምንጻህ፡ ኣብ ክንዲ መሳኹቲ ምኽፋት መመጠኒ ኣየር (air conditioner) ክትጥቀም ይግባእ።

ጠሊ ካብ ዘለዎ ከባቢ ወይ መንደቕ ምእላይ'ውን ድሩቕ ኣየር ክትረክብ ስለ ዝሕግዝ፡ ካብ ነድሪ ኣፍንጫ ክትከላኸል የኽእለካ እዩ።

እቲ ነድሪ ኣፍንጫ ብደርና ወይ ቦኾኽታ ዝሰዓበ ምስ ዝኸውን፡ ኣፍንጫኻ ክትሸፍን ይከኣል እዩ። ኣንሶላኻን ከቦርታኻን ብውዑይ ማይ ብዝዀነ ክትሓጽቦ ይምከር። እቲ እትውዕለሉን እትድቅሰሉን ክፍሊ'ውን ብዝኾነ ክጸሪ ኣለዎ። ንጹህ ኣየር ክህልዎ እውን ይግባእ።

ካብ ነድሪ ኣፍንጫ ንምክልኻል ዝሕግዝ እቲ ዝበለጸ ኣገባብ ፍወሳ፡ እፍሪት ከስዕቡ ካብ ዝኽእሉ 'ኣለርጀን' ካብ ዝተባህሉ ሳብስታንሳት ምእላይ እዩ። ካብ ኣጭርቕቲ ወይ ከቦርታ ዝወጽእ ደርና እፍሪት/ነድሪ የስዕበልካ ምስ ዝህሉ፡ ካብኦም ኣጭርቕቲን ከቦርታን ክትርሕቕ ይግባእ። እቲ ጠንቂ ናይ ነድሪ ኣፍንጫ ጸገ ናይ ዕንባባታት እንተኾይኑ፡ ካብ ዕንባባታት ክትርሕቕ ዝበለጸ እዩ።

ብፍላይ ውዑይ ፈሳሲ ምስታይ ኣካላትካ ሙቐት ክረክብ ስለ ዝሕግዞ፡ ካብ ቁጥዐ ናይ ኣፍንጫን ጸረርታን ብዝተወሰነ ደረጃ ከላግለካ ይኽእል እዩ።

ኣፍንጫኻ ብልቡጥ ዝበለ ማይን ጨውን ከተጽርዮ ምኽኣል፡ ቁጥዐ ናይ ኣፍንጫ ዘለዎም ሰባት ክገብርዎ ዝዋጻእ ፍወሳ እዩ።

ነድሪ ናይ ኣፍንጫ ዘለዎም ሰባት ምስ ወቕቲ ንዘስዕብ እፍሪት/ቁጥዐ ንምክልኻል መዓር ምምጋብ ዝበለጸ ምዃኑ ብዙሓት ክኢላታት ስነ-መግቢ ይሰማምዑሉ።

ቁጥዐ ናይ ኣፍንጫ ንምልዓል ጠንቂ ዝኾነ 'ሂስታሚን' ንምጉዳል፡ ቫይታሚን 'ሲ' ብፍላይ ምውሳድ ዝበለጸ ምዃኑ መጽናዕትታት የመልክቱ። ኣብ መዓልቲ ክሳብ 2 ሽሕ ሚሊ. ግራም ቫይታሚን 'ሲ' ክንወስድ ከም ዘለና እዩ ዝምከር።

እፍሪት ኣብ ዘሰዕቡ ወቕትታት ዘይቲ ናይ ቀላሚጦስ ሓዊስካ ንጹሃን ሰብነትካን ክትሕጽብ ዝበለጸ ምዃኑ'ውን ይግለጽ እዩ።

ዝንጅብል ንዝተፈላለዩ ጥዕናዊ ጸገማት ናይ ምክልኻል ባህሪ ዘለዎ ቀመም እዩ። ነድሪ ናይ ኣፍንጫ ዘለዎም ሰባት ብፍላይ ዝንጅብል ክወስዱ ዝበለጸ ምዃኑ ክኢላታት ስነ-መግቢ የረድኡ።

### ነድሪ ኣፍንጫ ዝፈጥሮ ሕልኽላኻት

እቲ ጸቡቕ ኣጋጣሚ፡ ነድሪ ኣፍንጫ ንባዕሉ ክትከላኸሎ ዝከኣል እዩ። ግቡእ ፍወሳን ምክትታልን እቲ ቀዳማይ ኑቲ ጸገም ንምክልኻል ወይ ንምቍጽጻር ዝሕግዝ ኣገባብ እዩ። ኮይኑ ግና፡ እቲ ሕማም ኣብ ህይወትና ዝፈጥሮ ሕልኽላኻት ብዙሕ እዩ።

* ኣብ ግዜ ለይቲ ምልክታት ናይቲ ሕማም እናመጽአ ካብ ድቃስካ ክትስናኸል ምግባር፡
* ብግቡእ ምስ ዘይትቈጻጸሮ እትፍወሶን ናብ ኣዝማን ናብ ካልእ ጸገማት ስርዓት-እስትንፋስን ክምዕበል ዝኽእል ምዃኑ፡
* ረኽሲ ናይ እዝኒ፡ ሰርናን ካልእን ክፈጥር ምኽኣል፡
* ናይ ስራሕ መንፈስ ብምጉዳል ካብ ትምህርቲ ወይ ስራሕ ከምእትበኩር ምግባር፡
* ብተደጋጋሚ ርእሰኻ ክትሓምም ምግባር. . . ገለ ካብቶም ክጥቀሱ ዝኽእሉ ሕልኽላኻት እዮም።

### ነድሪ ኣፍንጫ ኣብ ህጻናት

ህጻናት፡ ነድሪ ኣፍንጫ ከማዕብሉ ይኽእሉ እዮም። እቲ ጸገም 10 ዓመት ዕድመ ቅድሚ ምምልኦም እዩ ብፍላይ ዝዛይድ። ሓደ ህጻን ዓመት መጽኣ ኣብ ተመሳሳሊ እዋን/ወቕቲ ናይ ሰዓል ዝመስል ምልክታት የርኢ ከም ዘሎ ምስ እተስተብህል፡ ነድሪ ኣፍንጫ ክኸውን ስለዝኽእል፡ ቀልጢፍካ ሕክምናዊ መርመራ ክትገብረሉ ይግባእ።

ኣብ ህጻናት ዝርአ ነድሪ ኣፍንጫ፡ ምልክታቱ ልክዕ ከም ናይ ዓበይቲ እዩ። ህጻናት ዝያዳ ዓበይቲ ብዙሕ ጸረርታ ናይ ኣፍንጫን ንብዓትን የርእዩ እዮም። እዚ 'ኣለርጂክ ኮንጀንክቲቪቲስ' (allergic conjunctivitis) ተባሂሉ ይጽዋዕ። እቲ ህጻን ሕጽረት እስትንፋስ ምስ ዝጋጥሞ ወይ ከስተንፍስ እንከሎ፡ ጸጽ-ጸጽ ዝብል ድምጺ የስምዕ እንተሎ፡ ኣዝማ ከይህልዎ ምክትታል የድሊ።

እቲ ህጻን ወቕታዊ ዝኾነ ነድሪ ኣፍንጫ ከም ዘለዎ ምስ እተረጋግጽ፡ ነቲ ነድሪ ዝምጽኡ ጠንቅታት ኣለሊኻ ካብኡ ክትኣልዮ ይግባእ።

ክዳውንቱን ዝጸልዎም ኣንሶላታትን ብግቡእ ክትሓጽቦ የድሊ።

ምንጪ፦ health line



ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ
ኣሰፍሃ ተኽለማርያም

ምክትል ኣሰናዳኢ
ብርሃነ ምሕረትኣብ

ቀ.ስ 116266 / 201820(2220)

ቦርድ ምስንዳእ
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ

ቀ.ስ 201820 (2214)
ፋክስ. 127749 - ቀ.ሳ.ጳ. 247

ለይ-ኣውት
ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ
ሰማያዊት ሓይለኣብ
ቤተልሄም ታደሰ
ፍርቱና ኤፍሬም

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቀ.ስ. 200454-07121322
ምልክታ
ቀ.ስ 125013 - ቀ.ሳ.ጳ. 1284

# ሕብራዊት ብርዒ

ሃብተሚካኤል ዕቑባስላሴ

## ምልክታት ናይ ዘፍቀረ ወዲ


ምልክታት፡ ናይ ሓንቲ ጓል ዘፍቀረ ወዲ፡ ብዘዕባ ፍቕሪ ብልሳኑ ከይተዛረበ እንከሎ፡ ኒታ ዘፍቀራ ሰብ ምስ ረአየ ብዘንጸብርቖ ኣካላዊ ምንቅስቓስ - ብምፅዛብ ጥራይ፡ ማዕረ ክንደይ ኣብ ፍቕሪ ወዲቑ ከምዘሎ ክትፈልጦ ይከኣል እዩ። ወሸጥና ብፍቕሪ ሳጸዩ ልሳንና ሕቶ ፍቕሪ ንምቕራብ እንተሓንገደ እውን፡ ኣካላዊ ምንቅስቓስና፡ ንፍቕርና ክሓብኦ ዘኽእል ኣይኮነን። ሓደ ዝፈተወ ወዲ ንምንቅስቓስ እታ ዘፍቀራ ጓርዞ ብደቒቕ'ዩ ዝከታተሎ። ዘፍቀረ ወዲ፡ ዝፈተዋ ጓል ኣብ ከባቢኡ እንተልያ ካልኦት ሰባት ዝልዕልዎ ኣደህቦ ሓሳቡን ወናኡን ናብታ ዘፍቀራ'ዩ ዝሸይድ። ሓደ ኣብ ፍቕሪ ዝወደቐ ወዲ፡ መብጽዓ ንዝኣተዎ ካብ ምትግባር ድሕር ኣይብልን'ዩ። ክድውለልኪ'የ እንተኢሉ ይድውል፡ ክዘውረኪ'የ እንተኢሉ ድማ የዛውር። ብሓጺሩ ቃሉ ኣብ ምትግባር ንጡፍ'ዩ። ዝኣተዎ መብጽዓ ካብ ምትግባር እንተተሰናኸለ ግና፡ ኣየፍቀረን ወይ ካብታ ጓል ዝረኽቦ ግብረ መልሲ ኣየተባብዖን ማለት'ዩ። ብሓፈሻ ሓደ ዘፍቀረ ወዲ ንዝፈተዋ ጓል ልክዕ ትኽትንኣስ ዓርኩ ዝሀቦ ክብሪ'ዩ ዝህብ። ዘፍቀረ ወዲ ኣብ መንጎ ኣዕሩኽቱ ንኣፍቃሪቱ ብኣድናቖት'ዩ ዘልዕላ። ፍቕሩ ከም ዝተቐበለቶ እንተ ፈሊጡ ከኣ ከም መርኣያ ኣኽብሮቱ ምስ ዝፈትዎም ኣዕሩኽቱ የላልያ። ፍቓደኛ እንተኾይናቶ'ውን ምስ ስድራቤቱ ከላልያ ይብህግ። ሓደ ወዲ ኣፍቂረኪ ንዘለዎ ጓል ካብ ዝፈትዎም ኣዕሩኽቱን ስድራቤቱን ከርሕቓ እንተ ደልዩ ፍቕሩ ቀጻልነት ክህልዎ ከም ዘይደሊ'ዩ ዘመልክት።



ዘፍቀረ ወዲ ካብቲ ኣብ ልዕሊ ዘፍቀራ ጓል ዘንጸብርቖ ምንቅስቓስ፡ ምንቅስቓስ ሽፋሽፍቲ ዓይኒ'ዩ። ብዘወሳኺ ምስ ዝፈትዋ ኣፍቃሪቱ ዘሎ ኣፍቃሪ መርዓት ኣዒንቱ ይገፍሓ እዩ። ኣብ ኣዒንቲ ዝርአዩ ምልክታት ክሕብሩ ስለ ዘይክእሉ ሓደ ዘፍቀረ ወዲ ካብዘን ዝጥቀሳ ምልክታት ሓንቲ እንተ ርእዩ ብርግጽ ኣብ ፍቕሪ ወዲቑ ኣሎ ክንብል ንኽእል።

## ኣናኮንዳ

መብዛሕትኦም ዓይነት ኣናኮንዳ ኣብ ሰሜናዊ ምብራቕ ብራዚልን ፍሬንች ጋያና፡ ኣብ ላቲን ኣመሪካ እትርከብ ደሴትን ዝርከቡ እዮም። ናይ ቦሊቭያ ኣናኮንዳ - ብኣናኮንዳ ቦሊቭያ ዝፍለጡ ዓይነት ኣናኮንዳ ኣብ ቦሊቭያ ጥራይ ዝርከቡ እዮም። ኣናኮንዳ ዘይከም ካልኦት ዓሌታት ኣትማን ክልቲኡ ሰናቡኦም ኣብ ኣገልግሎት ዝውዕል እዩ። መብዛሕትኦም ዓሌታት ኣትማን ሓደ ሳንቡኦም ጥራይ እዮም ኣብ ጥቕሚ ዝውዕል። ዝዓበየ ኣብ መንጎ ተባዕትዮን ኣንስትዮን ዝረኣ ናይ ዓቐን ወይ ግዝፈ ፍልልይ ኣለዎም። እተን ኣንስትዮ ኣናኮንዳ ካብቶም ተባዕትዮ ኣዝየን ዝዓብያ እየን።



እቲ ናይ ዕበየት ደረጃ ናይ ኣንስትዮ ኣናኮንዳ ካብ ናይ ተባዕትዮ ኣዝዩ ዝዓበየ እዩ። ሓንቲ ኣንስተይቲ ቀጠልያ ኣናኮንዳ ገምጋም ክብደታ ሓሙሽተ ዕጽፊ ናይ ሓደ ተባዕታይ ኣናኮንዳ እዩ። እቶም ዝዓበዩ ዓሌት ናይ ኣናኮንዳ ቀጠልያ ኣናኮንዳ ኮይናም ክብደት ናይ ሓንቲ እኽልቲ ኣንስተይቲ ቀጠልያ ኣናኮንዳ ኣስታት ክልተ ኩንታልን ፈረቓን ክኸውን ከሎ፡ ቁመቶም ድማ ኣስታት 10 ሜትሮ ኣብሉ ይበጽሕ። ብኣንጻሩ ድማ እቶም ዝኣሰሉ ዓሌት ብየሜ ኣናኮንዳ ኮይናም ክብደቶም 30 ኪሎ ግራም፡ ቁመቶም ድማ 4 ሜትሮ ይበጽሕ።

ኣናኮንዳ ዘለዎም መንጋጋ ዘይከም ናይ ካልኦት እንስሳታት ኣትሪሩ ዝተኣሰረ ዘይኮነስ ናብ ዝተፈላለየ ኣንፈታት ክንቀሳቐስ ዝኽእል እዩ። ንኣብነት፡ ታሕተዋይ መንጋጋ ናይ ኣናኮንዳ 180 ዲግሪ ክኸፈት ዝኽእል ብምዃኑ ዓበይቲ እንስሳታት ብቐሊሉ ክውሕጥ የኽእሎ። ጭዋዳታት መንጋጋ ናይ ኣናኮንዳ ኣዝዮም ተረርቲ ብምዃኖም፡ ምንካስ ኣናኮንዳ ኣዝዩ ሓያል ከም ዝኸውን ይገብሮ። ዝበዝሐ ግዜኦም ኣብ ወሽጢ ማይ ዘሕልፉ ኣናኮንዳ፡ ኣብ ወሽጢ ማይ ትንፋሶም ክሳብ 45 ደቓይቕ ሓቢኦም ክጸንሑ ከም ዝኽእሉ ይግለጽ።

ብዘወሳኺ ድማ ጸቡቕ ናይ ምሕንባስ ምልክት ዘለዎም ዓሌት ኣትማን ከም ዝኾኑ ይፍለጥ።

ኣካላት ስርዓት መፍረ ተባዕታይ ኣናኮንዳ ኣብ 18 ኣዋርሕ ናይ ዕድሚኦም ክምዕብሉ ከለው፡ ናይ ኣንስተይቲ ኣናኮንዳ ግን ኣብ ሳልሳይ ዓመታ ይምዕበል። ኣናኮንዳ ጾታዊ ርክብ ኣብ ዝፍጽመሉ እዋን ክሳብ ደርዘን ዝኣኽሉ ተባዕትዮ ኣናኮንዳ ኣብ ልዕሊ ሓንቲ ኣንስተይቲ ኣናኮንዳ ብምዕሳል ንናይ ስምዒት ህዋሳቶም ምስ ናይታ ኣንስተይቲ ህዋስ ንምርኻብ ይፍትኑ። ኣብ መወዳእታ እቲ ዕድለኛ ተባዕታይ ኣናኮንዳ ድማ፡ ዘርኡ ኣብቲ ብcloсoa ዝጽዋዕ ህዋስ ናይታ ኣንስተይቲ ብምጉዳፍ ካልኦት ተባዕትዮ ከም ዘይራኸቡ ይገብር።

እታ ኣንስተይቲ ኣናኮንዳ እንቋቑሓ ኣብ ወሽጢ ኣካላ ኣብ ዝርከበሉ እዋን ዝኾነ መግቢ ፈጺማ ኣይትወስድን እያ። ኣናኮንዳ ዝተፈላለዩ ለመምታን መጥበውትን እንስሳታት ይምገቡ። ብዘወሳኺ እቶም ዝዓበዩ ኣናኮንዳ ዓበይቲ እንስሳታት ከም ድኣብን ካልእን ውሒጦም ናይ ምብላዕ ተኽእሎ ኣለዎም። ልክዕ ከም ዓሳታት ድማ እቶም ዓበይቲ ኣናኮንዳ ኑቶም ንኣሽቱ ቀቲሎም ናይ ምምጋብ ባህሪ የንጸብርቑ። ኣናኮንዳ ብሃንደበት ኣጥቂዖም ዝሕዙ እንስሳታት ብምዃኖም ንግዳያት መብዛሕትኡ እዋን ኣብ ሃንደበትነት ዘእትዉ እዮም።

## ጥዕናዊ ጥቕሚ ብርጭቕ

ብርጭቕ 92 ሚእታዊት ማይ ዝሓዘ ክሱ ዝተረፈ ትሕዝቶኡ ቀሊል ዘይኩነ ቪታሚናትን ማዕድናትን ኣለዎ። ብዙሕ ትሕዝቶ ፖታሽዩም፡ ላይሶፒን፡ ቪታሚንኤን ሲን ስለ ዘለዎ፡ ካብዚ ትሕዝቶታት ክርከብ ዝከኣል ጥቕምታት ኣካላትና ካብ ብርጭቕ ክወስድ ይኽእል። ኣብ ዕዳጋታት ብዙሓሽ ዋጋ ስለ ዝሻየጥ ዝያዳ ዝእካ ንኽትብልዖ ዘተባብዕ እዩ።

- ላይሶፒን ብጻዕቂ ኣብ ኮሚደረ ዝርከብ ትሕዝቶ ክኸውን እንከሎ፡ ኣብ ብርጭቕ እውን ብብዝሒ ዝርከብ ማዕድን እዩ።
- ማዕድን ፖታሽዩም ጸቕጢ ደምን ህርመት ልብን ኣብ ምርግጋእ ዝጠቅም ማዕድን ምዃኑ ይፍለጥ። ኣብ ብርጭቕ ብብዝሒ ስለ ዝርከብ ድማ፡ ብርጭቕ ዝምገቡ ሰባት ተጠቀምቲ ናይዚ ማዕድናት እዚ ይኾኑ።




- ብርጭቕ ረሳሕ ሰብሕን ካልእ ርስሓት ኣካላትን ዝቃለሱ 'ኣንቲ ኦክሲዳንት' ብብዝሒ ስለ ዝርከቡ፡ ኣካላት ኣብ ምጽራይ ጥቕሚ ከም ዘለዎ ክኢላታት የረድኡ።
- ድርቀት ከቃልል ይኽእል።
- ሕማም ልብን ዝፍ መማንጣ ዘጥቅዑ ቁስሊታትን ኣብ ምርግጋእ ዝሕግዙ ከም 'ፎሊክ ኣሲድ' ዝኣመሰሉ ቪታሚናት ይርከቡ።

## ጥቕሲታት ሕብራዊት ብርዒ

- "ዝሓለፍናዮ መሪር ተሞክሮ፡ ከም ሓደ ጸለም ክፋል ህይወትና ክንርእዮ ኣይግባእን። ካብ ዝኾነ ጉዳይ ገለ ነገር ተማሂርካ ወይ ዝሓሸካ ሰብ ኴንካ ኢኻ ትወጽእ። እቶም ናይ ብሓቂ ብጾትካ በዓል መን ምዃኖም ትፈልጥ። እቶም ፈተውትኻ ድማ ንዓኻ ማዕረ ክንደይ ጥዑማትን ኣገደስትን ምዃኖም ትግንዘብ።" - **ኪሊኢን ሆ**
- "እቲ ኹሉ ከም ዝከኣል ክትፈልጦ እትኽእል መገዲ፡ ክጽዕኦ ብምኻድ ኮ ዘይክኣል'ውን ብምፍታን እዩ።" - **ኣርተር ክላርክ**
- "ሕሉፍ ህይወትካ ዓቕምኻ ማለት ኣይኮነን። ኣብ ዝኾነ እዋን መጻኢኻ ሓራ ንምግባር ክትመርጽ ትኽእል ኢኻ።" - **ማሪልይን ፈርጉሰን**
- "ኩሉ ሰብ ኣብ ወሽጡ ጸቡቕ ዜና ኣሎዎ። እቲ ጸቡቕ ዜና ኩሉ ሰብ ማዕረ ክንደይ ዓቢ ክኸውን ከም ዝኽእል፡ ማዕረ ክንደይ ከፍቅር ከም ዝኽእል እዩ። ዓቕሙ ማዕረ ክንደይ ሓያል ምዃኑ ዘይፈልጥ ምዃኑ እዩ።" - **ኣን ፍራንክ**
- "ጽባሕና ጋህዲ ንኸይከውን ዝዕንቅፍና እንኮ ነገር፡ ናይ ሎሚ ምጥርጣርና እዩ።" - **ዘይተፈልጠ**

## ብራድ ባሮን ሬንፍሮ

ብ25 ሓምለ 1982 ኣብ ኖክስቪል ቴነሲ ዝተወልደ ሬንፍሮ፡ ገና ወዲ 10 ዓመት እንከሎ'ዩ፡ ወሩይ ናይ ፊልም ዳይረክተር ጆኤል ሹማከር ተወኪዮ ከም ዘለዎ ኣስተውዒሉ ኣብ'ታ "The client" (1994) ዝርእስታ ፊልሙ ምስ በዓል ሱዛን ሳራንደንን ቶሚ ሊ ጆንሰን ከዋስኦ ዝተራእየ። ኣብዛ ፊልም እዚኣ'ያ ድማ ሬንፍሮ ዝለዓለ ነጥቢ ዘመዝገበ። እዚ ማለት ኣብ ቀዳማይ ተሳትፎኡ ብሉጽ ምንቅስቓስ ስለ ዘርኣየ'ምበር፡ ኣብዚን ድሒሩ ዝጸዋየለን ፊልምታት'ውን ንኡድ ዕዮ'ዩ ፈጺሙ። ገለ ካብ'ተን ንኡድ ዕዮ ዝሰርሓለን ፊልምታት "The cure" (1995)፡ "tom and Huck" (1995)፡ "sleepers" (1996) ዝኣመሰላ ይርከባኦን። ከም ወጽኢት ብሉጽ ስርሑ ድማ፡ ኣብ 1995 'ኮኾብ መንእሰይ ተዋሳኢ' ተባሂሉ ብሆሊውድ ሪፓርተር ከም እተሸለመ ይፍለጥ። ፒፕል መጋዚን እውን "ዝበለጹ 30 ትሕቲ 30 ዓመት" ብዝብል ኣርእስቲ ኣብ ዘውጸኦ ዝርዝር ኣስማት ኣሬንፍሮ ክረቑሖ ምኽኣሉ፡ ካልእ ኣብነት ብሉጽነቱ'ዩ ነይሩ። ብራድ ሬንፍሮ ኣብ ዕድመ ኩትትናኡ ብዘማዕበሎ ሕማቕ ወልፊ ብተደጋጋሚ በቲ ሕማቕ ወልፉ ክስዕፍ ክኢሉ'ዩ። እዚ ድማ ንሞያኡ ዓቢ መሰናኸል ከይኮነ ኣይተረፈን። እቲ ዘሕዝን ከኣ ከም ሳዕቤን ናይ'ቲ ዝበረ ወልፊ ዕጾ ፋርስ፡ ልዕሊ ዓቐን ኣደንዛዚ መድሃኒት ብምውሳዱ ኣብ 25 ዓመት ዕድሚኡ'ዩ ኣብ 2008 ካብ'ዛ ዓለም ብሞት ተፈልዩ።



## ሳዕስዒት ባለት

ቅዲ ሳዕስዒት ባሌት ኣብ መወዳእታ 15 ዘመን ኣብ እዋን ዘመነ ተሃድሶ ኣብ ዓዲ ጥልያን እዩ ተኣታትዩ። ድሒሩ ከኣ ኣብ ግዜ ንጉስ ልዊስ ኣብ ማብል 17 ዘመን ናብ ፈረንሳውያን ከም ዝተኣታተወ ይፍለጥ። እዚ ኣብ መብዛሕትኣን ሃገራት ኤውሮጳ ወግዓዊ ዝኾነ ቅዲ ሳዕስዒት፡ ዋላ'ኳ ኣብቶም ድሕሪኡ ናብ ባህሎም ዘርዓምዎ ፈረንሳውያን ከምቲ ዝደለ እንተ ዘይ ቀጸለ፡ ኣብታ ቀዲማ ዘተኣታተወቶ ጥልያንን ድሒረን ዝሰዓብኦ ዴንማርክን ሩስያን ጸቡቕ ገስጋሰ እዩ ኣርእዩ። ብድሕሪ እዚ ኣብ ኣጋ ምጅማር ቀዳማይ ውግእ ዓለም፡ በቶም ንቅዲ ሳዕስዒት ባሌት ጸቡቕ መሊኾሞን ተወሃሂደሞን ዝበሩ ሩስያውያን ኣቢሉ፡ ናብ መላእ ምዕራብ ኣውሮጳ ኣስፋሕፊሑ። ቅዲ ሳዕስዒት ባሌት ኣብ ዓለም ከም ዘስፋሕፍሕ ካብ ዝገበሩ ሓደ ሩስያዊ ባሌትስ ሰርጌ ድያግሌቭ እዩ። እዚ ብመንገዲ ሩስያውያን ኣቢሉ ንመላእ ዓለም ክጸሉ ዝጀመረ ቅዲ ሳዕስዒት እምበኣር፡ ኣብ ማብል 20 ዘመን፡ ልዕሊ ካልኦት ቅድታት ሳዕስዒት ኣብ ኣዳራሻትን ኣብያተ ሳዕስዒትን ክዕብልልን ምስ ካልኦት ቅድታት ሳዕስዒት ተሓናፊጹ ክጽወትን ተራእዩ። እዚ ንምምላኹ ነዊሕ ግዜ ዝሓትት ቅዲ ሳዕስዒት ንምኽኣሉ ተዓጻጻፍን ተረርን ሰብነት ምውናን የድሊ።



# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

### ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ገጀረት

ኣቶ ጸጋዮ ክፍለ ተስፋማርያም፡ ኣቦይ ክፍለ ተስፋማርያም ወልደጊዮርጊስ ስለዝዋረፊ፡ ኣነ ምስ 7 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን31/1/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

### ኮማዊ ቤት-ፍርዲ በለዛ

ከሳሲ ወረ/ነፈ/ት እልፉ ሃብተስላሴ ወረ/ነፍ የውሃንስ ሃብተስላሴ፡ ፍጹም የውሃንስ ሃብተስላሴ፡ ተኸሰስቲ 1.ወረ/ነፍ/ት እልፉ ሃብተስላሴ/ ወረ/ነፍ የውሃንስ ሃብተስላሴ - ኣቶ መሓሪ የውሃንስ 2.ነፍ/ሃብታይ የውሃንስ ተተካእቲ ደቂ.1ጴጋይ ሃብታይ 2.ኣሮን ሃብታይ 3.ነፍ/ት ኣስካሉ ሃብተስላሴ ተተኪኡ ወዳ 1.ኣቶ ገ/ሒር ገለ 4.ነፍ/ኣብርሃ ሃብተስላሴ ተተካእቲ ደቁ 1.ተኸስተ ኣብርሃ 2.ዛይድ ኣብርሃ 3.ኣኽበረት ኣብርሃ 4. ሩታ ኣብርሃ ንምቅሊት ውርሲ ዝምልከት ክሲ ቀሪቡልኩም ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪልኩም ን3/2/23 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቡ። እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይ ኣብዘየለኹምሉ ክርአ ምዃኑ ፍለጡ።

### ቤት-ፍርዲ ዞባ ደቡብ መንደፈራ

ኣቶ ኢያብ ወዙበን ወ/ሮ ፍቓዱ ገብረብርሃንኑ ት/ዕደመ ወድና ደብሳይ ኢያብ ምባል ተረፉ፡ ተሰፋልደት ኢያብ ተባሂሉ ይተኣረመሉ ስለዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/1/23 ኣብ ቤ/ፍ 4ይ መጋቢያ ይቕረብ።

ሮዳስ ተስፋማርያም ክፍለ ምባል ተረፉ፡ ሳምራዊት ተስፋማርያም ክፍለ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ ን26/1/23 ኣብ 4ይ መጋቢያ ይቕረብ።

### ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ዓዲ በዝሓንስ

ከሳሲት ወ/ሮ መቀረሽ ምስየና ኮኸቡ ተኸሳሲ ኣቶ ዘራጸዮን ብርሃ ገብረእየሱስ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ን1/2/23 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይ ኣብዘየለኻሉ ክርአ ምዃኑ ፍለጥ።

### ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ዓራውቲ

ከሳሲት ወ/ሮ ሂወት ጴጋይ፡ ተኸሳሲ ኣቶ ኣብርሃ ሃብተ ደብሳይ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ን28/1/23 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ።

### ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ከረን ከባቢ 03

ኣስገደ መሓሪ ገለኣ፡ ኣቦና መሓሪ ገለኣ ስለዝዋረፈ፡ ኣነ ምስ 9 ኣሕዋተይ ኣብ ቀዋምን ተንቀሳቓስን ንብረት ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን17/1/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ለቱ ፍደጋ ኣደም፡ በዓልቤተይ ወልዳይ ሚከኤል ኣብርሃም ስለዝዋረፈ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 10 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን17/1/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

### ቤት-ፍርዲ ዞባ ጋሽ ባርካ ባረንቱ

መርሃዊት ሚከኤል፡ ስም ወደይ ናትናኤል መረስዕ ዑቕባይ ምባል ተረፉ፡ ኣንገሶም መረስዕ ዑቕባይ ተባሂሉ ይተኣረመሉ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን25/1/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

### ቤት-ፍርዲ ዞባ ተሰነይ

ወ/ሮ ፊሩዝ ዓብዱ መሓመድጣሀር፡ ስም ጓለይ ሄኖን ኣፈወርቂ ተኸስተ ምባል ተረፉ፡ ሄኖን መርሃዊ ሰቹር ተባሂሉ ይተኣረመላ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/1/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

### ኮማዊ ቤት-ፍርዲ መስከረም ሰላም ፍትሒ ተሰነይ

ወ/ሮ ንግስቲ ዘርኣየውሃንስ መሓሩ፡ ወኪል ኣቶ ሃብተ ገብረስላሴ ተሰፋ፡ ተጸዋዒ ኣቶ መድሃኔ ሃብተ ገብረስላሴ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ን26/1/23 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይ ኣብዘየለኻሉ ክርአ ምዃኑ ፍለጥ።

ራሄል ነጋሲ ኣስመላሽ፡ በዓል ቤተይ ሚከኤል ፍስሃጽ ስለዝተሰውኣ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 5 ደቅና ከኣ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ 26/1/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

### ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ኣምሓጀር

ኣቶ ተኸለይ ገብረእየሱስ፡ በዓልቲ ቤተይ ወ/ሮ ልቺ ሃብተገርገሽ መብራህቱ ስለዝዋረፈት፡ ናይ ጣኢ በኣ ብስማ ዝበረ ናብ ስመይ ክቕየረለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/1/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

### ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ዓሊ ግድር

ወ/ሮ ኣበባ ሓገስ ገብረማርያም፡ በዓልቤተይ የማን ተወልደ ገብረስላሴ ስለዝተሰውኣ፡ ኣነ ምስ 6 ደቀይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/1/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

### ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ብሸኻ

ወ/ሮ ፍቓዱ ባህታ ገብረመስቀል፡ በዓል ቤተይ ተስፋማርያም ኪዳነ ፍስሃጽ ስለዝዋረፈ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 9 ደቁ ከኣ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/2/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣብ ከተማ ደቀምሓረ ምም/ከባቢ መጻሉ ብስም ወላዲና ስውእ ገብረሃንስ ብርሃ ክፍለ ዝተመዝገበ ገዛ ብመለለዪ ቁጽሪ 530601 ዋንነት ቁጽሪ 530980 ንወረስቲ ዝተወሃበና ልብሬቶ ገዛ ስለዝጠፈኣና፡ ዝረኸበ ወይ ብዕዳ ሐዚዎ ዝነበረ እንተሎ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልታት ብቁጽሪ ቴሌ.07138058 ክሕብረና፡ እንተዘይኮይኑ መተካእታኡ ካብ ኮምሽን ኣባይቲ ደቀምሓረ ክሓትት ምዃነይ እሕብር።

መም. ግደይ ገብረብርሃን ብርሃ

ኣነ ዓብደልለጢፍ መሓመድ ዑስማን ዝተባህልኩ፡ ኣብ ዞባ ማእከል ምም/ን/ዞባ ኣባሻውል ዚፕኮድ 1A132 ፕሎት 100 ፓርስል 661 ዝርከብ ጠቕላላ ስፍሓቱ 143 ሚ/ት ኮይኑ፡ 7 ክፍልታት ዘጠቓለለ ኣብ ምም/ዞባ ማእከል ቤ/ጽ ፓብሊክ ኖታሪ ብቁጽሪ ውዕል 3,843 ብዕለት 15/11/2013 ከምኡ'ውን ኣብ ቤ/ጽ ካዳስተር ብንብረት መዝገብ ቁጽሪ 3843/2014 ብስመይ ተመዝጊቡ ዋንነቱ እተረጋገጸ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ገዛ ስለ ዝሸጥክዎ'ሞ ስም ዋንነት ናብ ስም ዓደግቲ ከመሓላልፍ ስለ ዝደለኹ፡ ዝቃወም እንተሎ እዚ ምልክታ እዚ ኣብ ጋዜጣ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መአገዲ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪን ቤ/ጽ ካዳስተርን የቕርብ።

ዓብደልለጢፍ መሓመድ ዑስማን

### ንሳልሳይ ግዜ ዝወጸአ ምልክታ ጨረታ

ኮሌጅ ቢዝነስን ማሕበራዊ ስነፍልጠትን ዓዲቐይሕ፡ ናይ ሕትመት መሳርሒ ማሽን (ፎቶ-ኮፕየርን ፕሪንተራትን) ንምጽጋን ን2023 ካብ 10 ጥሪ 2023 ክሳብ 31 ታሕሳስ 2023 ዝጸንሕ ቀረብ ጸገንቲ ከማሓርት ስለ ዝደለየ፡ ግዱሳት ሕጋውያን ተሞኽሮቲ ንጨረታ ይዕድም።
ተሞኽሮቲ ከማልእዎ ዘለዎም ቅጥዕታት
1. ኮሌጅ ቢዝነስን ማሕበራዊ ስነፍልጠትን ዓዲቐይሕ ንሕጋውያን ኣቕረብቲ ዋጋታት ቀረብ ጽገና (ፎቶ ኮፕየርን ፕሪንተራትን) ብዕሹግ ደብዳቤ ክቕርቡ ይዕድም።
2. ጨረታ ንኹሉም ሕጋውያን ኣቕረብቲ ክፉት እዩ።
3. ናይ 2019 ዝተሓደሰ ፍቓድ ንግዲ፡ ታሰራ ፎቶ ኮፒ፡ ግብሪ ዝኸፈሉሉ ናይ 2021 ክሊራንስ (Clearance) ምቕራብ የድሊ፡
4. መኽበሪ ጨረታ (10,000) ናቕፋ ብCPO የትሕዙ።
5. ብቑዓት ተሞኽሮቲ ሰነድ ጨረታ ንምውሳድ ዘይምለስ ጥረ ገንዘብ 50.00 (ሓምሳ ናቕፋ) ብምኽፋል ክወስዱ ይኽእሉ።
6. ምልክታ ጨረታ ኣብ ጋዜጣ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ 10 መዓልታት ጨረታ ክፉት ኮይኑ፡ ንጽባሒቱ ልክዕ ሰዓት 10:00 ቅ.ቀ ኣብ ኣስመራ ዩኒቨርስቲ ዝርከብ ጨ/ቤ/ጽ/ኮሌጅ ቢዝነስን ማሕበራዊ ስነፍልጠትን፡ ተሞኽሮቲ ወይ ሕጋውያን ወኪልቶም ኣብ ዝተረኽቡሉ ጨረታ ይኽፈት።
ሓበሬታ ንዝደለ፡- ፎርም ናይ ጨረታ ኣብ ቁ.308 ወይ ድማ ኣብ ቁ.309 ጨ/ቤ/ጽ/ኮሌጅ ቢዝነስን ማሕበራዊ ስነፍልጠትን ኣስመራ ዩኒቨርስቲ ብምምጻእ ወይ ድማ ብቑ.ቴሌ 08371388 ብምድዋል ክትውከሱ ትኽእሉ።
7. ኮሌጅ ቢዝነስን ማሕበራዊ ስነፍልጠትን ዓዲቐይሕ ዝሓሸ ኣማራጺ ምስ ዝርከብ ጨረታ ብምሉእ ወይ ብኸፊል ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ።

ኮሌጅ ቢዝነስን ማሕበራዊ ስነፍልጠትን

## ምስጋና



ብዕረፍቲ እንፈትዋ ጓልና መንእሰይ የሳን ክብረኣብ ዝተሰመዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፣ ኣብ ጸጸራት ዘቓበርኩምና፡ ኣብ ገዛና ብምምልላስ ከምኡ'ውን ካብ ወሽጥን ወጻእን ተሌፎን ብምድዋል ተኻፊልኩ ሓዘንና ብምዃን ዘጸናናዕኩምና፡ እግዚኣብሔር ጸማቕኩም ይዛብኩም ሕሰም ኣይትርከቡ - የቐንየልና እናበልና ሓዘንና ከምዝዋጸና ንገልጽ።

ዶ/ር ክብረኣብ መሓሪ
ሲ/ር ፍረወይኒ ተኽለ
ምስ ምሉኣት ስድራቤት

## ምስጋና



ብዕረፍቲ ክብርቲ በዓልቲ ቤተይ ወ/ሮ ምሕረት ተስፋሚካኤል ዝተሰመዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፣ ኣብ መካነ መቓብር ቤት-መኻእ ዘቓበርኩምና ክቡራት ሊቃነ ጳጳሳትን ሊቃውንትን ድያቆናትን ከምኡ'ውን ኣብ ገዛ ተመላለስኩምን ካብ ወሽጥን ወጻእን ብቴሌፎንን ዘጸናናዕኩምና ኣሕዋትን ፈተውትን ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ምስጋናና ነቕርብ።

በዓልቤተን ሊቀ ስልጣናት ቀሺ ኢያሱ ቀሺ ሃይለሚካኤል
ምስ ምሉኣት ስድራቤት

## ምስጋና



ብዕረፍቲ ኣዚና እንፈቅሮን እንኽብሮን ክቡር ወላዲና ኣቶ የውሃንስ ቀሺ ብርሃ ገብረስላሴ፡ ደቁን ኣሕዋቱን ዝተሰመዓና ሓዘን እናገለጽና፡ ኣብ ስነስርዓት ቀብሪ ኣብ ኣስመራ ቤተገርግሽ ቤተክርስትያን ዘቓበርኩምናን ገዛና ብምምልላስ ይኹን ካብ ወሽጥን ወጻእን ብቴሌፎን ዘጸናናዕኩምናን የቐንየልና ሕሰም ኣይትርከቡ።

ምሉኣት ስድራቤት ነ/ሄር የውሃንስ ቀሺ ብርሃ ገብረስላሴ

ኣብ ከተማ ደቀምሓረ ብስም ፍቕረ ወልደሃዋርያት ሓጎስ ብምስክር መወከሲ ቁጽሪ 4-000788 ዝተመዝገበ ናይ ገዛ ሊብሬቶ ስለዝጠፍኣኒ፡ ብዕዳ ሐዚዎ ወይ ረኺቡዎ ዝነበረ እንተሎ ብቁጽሪ ተሌፎን 07250092 ክትሕብሩኒ፡ እንተዘይኮይኑ ግን ኣብ ውሽጢ 30 መዓልታት መተካእታ ክሓትት ምዃነይ ኣፍልጥ።

ኣቶ ፍቕረ ወልደሃዋርያት

ኑቲ ኣብ ዞባ 6 ምም/10 ጎደና 820 ብቁ.ምስክር ወረቐት 108572 መወከሲ ቁ.123556 ብስም ወረስቲ ወረስቲ ነ/ሄር ቀሊታ ወልደሚካኤልን ነ/ሄር ታትዮስ ገብረሚካኤልን ዝተመዝገበ ገዛ ኣነ ዝገዛእክዎ፡ ጌና ናብ ስመይ ከይተመሓላለፈ እንክሎ እቲ ኦርጂናል ሰነድ ስለዝጠፍኣኒ፡ ብዕዳ ወይ ብኻልእ ጉዳይ ሐዚዎ ኣለኹ ዝበል እንተሎ ጋዜጣ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ናብ ቤ/ጽ/ካዳስተር ክሕብር፡ እንተዘይኮይኑ መተካእታ ኦርጂናል ከወጽእ ክሓትት ምዃነይ እሕብር።

ኣቶ ገብረብርሃን የውሃንስ

ኣመልካቲት ወ/ሮ ደሃብ ዛይድ ሙሴ ወራሲት ናይ በዓል ቤተይ ስውእ ጻዕዱ ባህታ ማስፍን ምዃነይ ብኮ/ቤ/ፍ/ማእከል ከተማ ስለ ዝተረጋገጸለይ፡ ኣዛ ብስም በዓል ቤተይ ዘላ ሰሌዳ ቁ/ER-1A1965 ዝኾነት ናይ ገዛ ማኪና ዋንነት ናብ ስመይ ከመሓላልፍ ስለዝደለኹ፡ ዝቃወም እንተሎ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መአገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መውዳእታ ውሳኔ ሒዙ ናብ ቤ/ጽ/ሚ/ሪ መጉዓዝያ ምድሪ (ትራንስፖርት) ይቕረብ።

ወራሲት ስውእ ጻዕዱ ባህታ ማስፍን
ወ/ሮ ደሃብ ዛይድ ሙሴ

# ዜና ወጻኢ

ብርሃነ ምሕረትኣብ

## ኣብ ህንዲ፡ ሓንቲ ከተማ ‘ክትጥሕል ጀሚራ’ ተባሂሉ

ኣብ ህንዲ ‘ጆሺማት’ ዝተባህለት ንእሽቶ ከተማ ብማይ ክትውሓጥ ብምጅማራ፡ ነበርታ ኣብ ከቢድ ሻቕዕሎት ምእታዎም ምንጪታት ናይ’ታ ሃገር ሓቢሮም።

እታ ኣብ ዞባ ኡታርኣካንድ ትርከብ ንእሽቶ ከተማ ኣስታት 3 ሽሕ ነበርቲ ዘለውዋ ኮይና፡ ኣብ ጎማጉም ቀላይ ዝተደኮነት እያ። ኣብታ ከተማ ፈቐዶኡ ማይ ብምንታዑን ህንጻታት ናይታ ከተማ ብምንቃዑን፡ እዚ ክስተት’ዚ ድማ ናይ ምጥሓል ምልክታት ብምርኣዩ ዝሽፍእ ሓደጋ ከይሰዓብ እንክሎ ነበርቲ ብቕልጡፍ ክግዕዙ ከምዝለዎም ክኢላታት ህንዲ የገንዝቡ።



ገለ ኣባይቲ’ውን ድሮ ክፈርስ ብምጅማሩ ኣስታት 30 ስድራቤታት ብሱብ መዚ ናይቲ ከባቢ ክግዕዛ ከምእተገበረን እቲ መንቃዕቲ ናይ መንደቕ ኣብ ኣስታት 600 ህንጻታት ተራእዩ ብምህላዉ ግዳ ኣብ ቀረባ መዓልታት እውን ኣማኢት ስድራቤታት ክግዕዛ ተኽእሎ ከምዘሎ ወማዕውያን ምንጪታት ህንዲ ኣሚተም።

ኣብቲ ዞባ ብሰንኪ ተራእዩ ዘሎ ወሰኽ ማይ ቀላያት፡ ናይ ምህማም መሬትን ምፍራስ ህንጻታትን ስግኣታት ከምእተኸስተ ነበርቲ ይሕብሩ።

ኣቐዲሙ ኣብቲ ከባቢ ተመሳሳሊ ሓደጋታት ተኸሲቱ ምንባሩ እዩ ዝገለጸ።

ኣመሓዳሪ ናይቲ ዞባ ናብቲ ስግኣት ምጥሓል ኣንጸላልዩዎ ዘሎ ከበቢታት ድሕሪ ምብጻሑ፡ ኑቲ ኣጋጢሙ ዘሎ ኩነታት ዝግምግሙ ክኢላታት ከምዝለኣኹ ኣፍሊጡ።

ድሮ’ውን ንገለ ነበርቲ ካብ ኣባይቶም ናይ ምግዓዝ መስርሕ ከምእተጀመረ እቲ ኣመሓዳሪ ገሊጹ። እንተኾነ ገለ ነበርቲ ካብ ኣባይቶም ክግዕዙ ከምዘይደልዩ ይገልጹ ብምህላዎም፡ እቲ መስርሕ ይደናጎ ምህላዉ እዮም ምንጪታት ህንዲ ዘረድኡ።

## ኩባንያ ኣማዞን 18 ሽሕ ሰራሕተኛታት ይሰጉግ

ኣብ ኣመሪካ ዝመደበሩ ኩባንያ ኣማዞን ወጻኢታቱ ንምንካይ ኣስታት 18 ሽሕ ሰራሕተኛታት ከምዝሰጉግ ኣፍሊጡ።

እቲ ዓቢ ኩባንያ ኣብ ዝተፈላለያ ሃገራት ኣብ ዘሎ ጨናፍራቱ ኣስታት 1.5 ሚልዮን ሰራሕተኛታት ከምዝለውዎ እዩ ዝገልጽ።

እቲ ሰራሕተኛታት ናይ ምጉዳል ውጥን ኣብዮናት ጨናፍራት ከምዝፍጸም እኳ እንተዘይተገልጸ፡ ዝበዝሑ ኣብ ሃገራት ኤውሮጳ ዘጠቓልል ምዃኑ እዩ ተሓቢሩ ዘሎ።

ሓላፊ ናይቲ ኩባንያ ኣንዲ ጃሲ ከምዝሓበሮ፡ እቲ ሰራሕተኛታት ናይ ምጉዳል መደብ ብሰንኪ ኣብ ዓለም ኣጋጢሙ ዘሎ ተነቃፊ ኩነታት ቊጠባ ከምዝወጸአ ኣረዲኡ።

ኣማዞን ሰራሕተኛታት ከጉድል ዝመደበሉ ምኽንያት፡ ንጥፈታት ምውዕዋዕ ብምንኻዩ ከም ሳዕቤኑ ድማ ብመንገዱ ዝፍጸም ንግዳዊ ንጥፈታት ብምንቕልቓሉ ምዃኑ እዩ ሓቢሩ።

ኣብዚ እዋን’ዚ ኣብ ኣመሪካ ዝመደበረን ምስ ኢንተርነት ዝተኣሳሰረ ንጥፈታት ዘለወን ሓያሎ ኩባንያታት ሰራሕተኛታት የጉድላ ምህላወን እዩ ዝገለጸ።

ኣቐዲሙ፡ ‘ንፈይስቡክ’ ዘውንን ኩባንያ መታ፡ ኢንስታግራም፡ ዋትስኣፕን ሴልስፍሮስን ኣብ 2023 ተመሳሳሊ ሰራሕተኛታት ናይ ምጉዳል ስጉምቲ ከምዝወስዳ ምሕባረን ይፍለጥ። ዝሓለፈ ኣዋርሕ ንኩባንያ ትዊተር ዝገዝኦ ኤሎን ሞስክ እውን ኣሽሓት ሰራሕተኛታት ከምዝሰጎግ ኣይርሳዕን።





## “ኣብ ልዕሊ መራሕቲ ፓኪስታን ቅንጸላ ክፍጽም እየ” ጣሊባን

ኣብ ፓኪስታን ዝንቀሳቐስ ‘ታህሪክ ኢ ጣሊባን’ ዝተባህለ ጉጅለ ኣብ ልዕሊ ቀዳማይ ሚኒስተር ናይ’ታ ሃገርን ካልኦት ላዕለዎት ሓለፍትን ናይ ቅንጸላ ስጉምቲ ከምዝወስድ ኣጠንቂቑ።

እቲ ‘ፓኪስታናዊ ጣሊባን’ ተባሂሉ ዝጽዋዕ ጉጅለ ኣብ ዘዘርገሖ መጠንቀቕታ፡ መንግስቲ ናይ’ታ ሃገር ኣንጻሩ ዘካይዶ ዘሎ ወፍሪ ደው ምስዘየብል፡ ብወገኑ ንቀዳማይ ሚኒስተር ፓኪስታን ሻህባዝ ሸሪፍን ንሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ናይ’ታ ሃገር በልዋል ቡቶ ዛርዳሪን ከምዝቐንጽሎም ኣፈራሪሑ ኣሎ።

ኣፈኛ ናይቲ ዕጡቕ ጉጅለ መሓመድ ኮራሳኒ ብዘዕበቲ መጠንቀቕታ ኣመልኪቱ ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ ጉጅለኡ ንዋሕ እዋን ኣንጻር መራሕቲ ሰልፍታት ናይታ ሃገር ስጉምቲ ከምዘይወሰደ ብምምልካት፡ ድሕሪ ደጊም ግን መሪሒ ምዕራብ ንዘበሎም ሰብሱልጣን ናይ’ታ ሃገር ስጉምቲ ከምዝወስደሎምን ሰቦት ካብ ጥቓኦም ክርሕቁን ኣተሓሳሲቡ።

ዝሓለፈ እዋኑ ‘ኣንጻር ሽበራ ባዶ ተጻዋርነት’ ዝኣወጀ መንግስቲ ፓኪስታን ኣብ ልዕሊ’ቲ ምስ ጉጅለ ጣሊባን ናይ ኣፍጋኒስታን ምትእስሳር ከምዘለዎ ዝነገረሉ ፓኪስታናዊ ጣሊባን ኮነ ካልኦት ዕጡቓት ጉጅለታት ጽኑዕ ስጉምቲ ከምዝወስድ እዩ ዘፍልጥ።



ላዕለዎት ሰብሱልጣን ፓኪስታን ኩነታት ጸጥታ ናይታ ሃገር ንምግምጋም ክልተ መዓልቲ ዝወሰደ ኣኼባ ድሕሪ ምክያድ፡ ድሕነት ሃገርን ህዝብን ንምውሓስ ኣንጻር ሽበራውያን ጉጅለታት ዕቱብ ስጉምቲ ክወሰድ ወሲኖም ኣለው።

ኣብ 2022 ጥራይ ኣብ ፓኪስታን ልዕሊ 150 መጥቃዕቲ ብፓኪስታናዊ ጣሊባን ከምእተኻየደን ብሰንኩ ዓሰርተታት ሰባት ከምእተቐትሉን ጸጥታዊ ሰነዳት ናይ’ታ ሃገር ኣረጋጊጾም።

ፓኪስታናዊ ጣሊባን ምስቲ ኣብ ጎረቤት ሃገር ኣፍጋኒስታን ስልጣን መሪሑዎ ዘሎ ጣሊባን ስርዓት ምትእስሳር ከምዘለዎ እዩ ዝነገር። ብሸምጋልና ኣፍጋናዊ ጣሊባን ድማ ኣብ መንጎ መንግስቲ ፓኪስታንን እቲ ጉጅለን ስምምዕ ምቁራጽ ተኸሲ ተኸሲቱ ምንባሩ፡ እንተኾነ ነዊሕ ከይጸንሐ በቲ ጉጅለ ከምእተጣሕሰ ምንጪታት ናይ’ታ ሃገር ሓቢሮም።

መንግስቲ ፓኪስታን እቲ ኣብታ ሃገር ዝንቀሳቐስ ጉጅለ ኣብ መሬት ኣፍጋኒስታን ከምዝዕቆብ እኳ እንተኸሰሰ፡ ካቡል ግን ኑቲ ክሲ ትነጽግ።

## ኣመሪካ - ሸሞንተ ኣባላት ሓንቲ ስድራ ኣብ ገዝኦም ተቐቲሎም

ኣብ ኣመሪካ ‘ኤኖች’ ኣብ ዝተባህለት ከተማ፡ ኣባላት ሓንቲ ስድራ ዝኾኑ 8 ሰባት ኣብ መንበሪ ገዝኦም ተቐቲሎም ከምዝጸንሑ ፖሊስ ሓቢሩ።

ፖሊስ ናይታ ከተማ፡ ጉዙጉዝ እናካየደ ብመንግስታዊ ናብዮት ዝካየዳ ስድራቤታት ኣብ ዝከታተለሉ ዝነበረ እዋን ናይ ሓሙሽተ ቈልዑ ዝርከቦ ሸሞንተ ሬሳ ኣብ መንበሪ ገዛ ተዓጺዩ ከምዝረኸበን ግዳያት ብኸመይ ከምእተቐትሉ ዝሕብር ኣሰራት ከምዝለ ገሊጹ።





እንተኾነ ኑቲ ቅትለት ንምፍጻም ዝደፋፍኦ ምኽንያት ዛጊት ክነጽረሉ ከምዘይከኣለ እዩ ፖሊስ ዝሕብር።

ኣመሓዳሪ ናይታ ከተማ በቲ ፍጻመ ኣስታት 8 ሽሕ ነበርቲ ከተማ ኤኖች “ሰንቢደምን ሓዚኖምን ኣለዉ” ክብል’ዩ ገሊጹ። “ብሓቂ ዘሰንብድ እዩ፡ ኣብዚ ማሕበረሰብ ከም’ዚ ዓይነት ኣቓንዛዊ ፍጻመ ኣጋጢሙ ኣይፈልጥን እዩ” ድማ ኢሉ።

እታ ግዳይ ቅትለት ዝኾነት ስድራቤት፡ ኣብታ ከተማ ፍልጥቲ ከምዝነበረት እዩ ኣመሓዳሪ ናይታ ከተማ ዝሕብር።

ፖሊስ ናይ’ታ ከተማ ምስጢር ናይቲ ቅትለት ንምፍላጥ ገና የጸሪ ከምዘሎ፡ ኣብ መርመራ ሓጋዚ ዝኾነ ዝርዝራት ዘለዎ ሰብ ድማ ብቕልጡፍ ናብ ፖሊስ ክሕብር ጸዊዑ ኣሎ።

ኣብ ኣመሪካ ኣብ ልዕሊ ሰላማውያን ሰባት ዝፍጸም ገበናት ቅትለት እናዛየደ ምምጽኡ ጸብጻባት የመልክቱ።

## ብእስራኤል 40 ዓመት ዝተኣሰረ ፍልስጤማዊ ተፈቲሑ





ብእስራኤል ንኣስታት 40 ዓመት ዝተኣሰረ ፍልስጤማዊ ተፈቲሑ።

እቲ ካሪም የኑስ ዝተባህለ ፍልስጤማዊ ብ1983 እዩ ብጭውያን ቅትለትን ሓደ እስራኤላዊ ወተሃደር ተጠርጢሩ ኣብ ትሕቲ ቀይዲ ዝኣተወ።

እቲ ፍልስጤማዊ በቲ ዝቐረበሉ ክስታት ገበኛ ከምዝኾነ እስራኤል ትገልጽ።

ፕረዚደንት ፍልስጤማውያን ማሕሙድ ዓባስ፡ “ካሪም የኑስ ምልክት ጽንዓት ፍልስጤማውያን እዩ” ክብል ንኢዱዎ። እቲ እሱር ብወገኑ “ንስለ ፍልስጤም መስዋእቲ ካብ መንን ዝኸፈሉ ሰባት ሓደ ብምዃነይ እሕበን” ኢሉ።

እቲ ኣብ ኣብያተ-ማእሰርቲ እስራኤል ዝለውሐ ግዜ ዝተኣሰረ ፍልስጤማዊ ምስ ተፈትሐ፡ ናብ ማብቆላዊ ዓዱ ኣብ ዝተመልሰሉ፡ ሓያሎ ፍልስጤማውያን ብሓጎስ ከምእተቐበሉዎን ሓንጊሮሞዎ ከምእተራእዩን ምንጪታት ዜና ሓቢሮም።

ኣብዚ እዋን’ዚ፡ ኣብ ትሕቲ ኣብያተ-ማእሰርቲ እስራኤል ኣስታት 4,700 ፍልስጤማውያን ከምዝርከቡ፡ ካብዚኦም ድማ 150 ዝኾኑ ትሕቲ ዕድመ ከምዝኾኑ ጸብጻባት የመልክቱ።

| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ |
| --- | --- | --- | --- |
| ቤት መሸጣ መድሃኒት ምሕረት | 6/1/2023 | ጎደና መረብ ቁ. 18፡ ከባቢ ካምፓ ቦሎ | 124151 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ　　ቁ.ቴሌፎን 127565